**ናብ ስራሕ ዝመርሕ መገዲ**

እዚ መርበብ ብዙሃን(ኢንተርነት) እዚ ብዛዕባ ሓደ ሰብ ካብ ናይ ኣውሮጳዊ ሕብረን ናይ ኣውሮጳዊ ቁጠባዊ ምትሕብባርን ወጻኢ ትምህርቲ ዘለዎ ናብ ሞዩኡ ኣብ ክሊ ትምህርቲ፡ ክንክንን ሓልዮትን ኣብ ሽወደን ከመይ ገይሩ መገዲ ከምዝረክብ ይሕብር። ንኣብነት ከም ሞያታት ናይ ሓኪም፡ ናይ ስኒ ሓኪም፡ ኣላዪት ሕሙማት፡ መምህርን ናይ መውዓል-ህጻናት መምህርን ዝምልከት ክኸውን ይኽእል።

እዚ ናይ መርበብ ብዙሃን(ኢንተርነት) ኣድራሻ እዚ ብቐዳምነት፡ ሓበሬታን ደገፍን ንናይ ወጻኢ ሃገር ትምህርትን ናይ ስራሕ ተመክሮታትን ዘለዎም ሰባት፡ ናይ ስራሕ ልምምድ፡ ኣሰልጥኖ ወይ ሙቕጻር ከወፍዩ ዝደልዩ ወሃብቲ ስራሕን ተቖጻጻሪ/ኣሰልጣኒ ኣብ ኮሙናትን ዞባታትን እዩ ዝምልከት።

ወላ'ውን ንስኻ ናይ ወጻኢ ሃገር ትምህርቲ ዘሎካ፡ ጠቓሚ ሓበሬታ ብዛዕባ ብሞያኻ ንኽትሰርሕ እንታይ ከምዝጥለብ ክትረክብ ትኽእል። ንኣብነት ናይ ሽወደን ምስክር ወረቐት ንኽትረክብ ብኸመይ ከምዝካየድ፡ ንሱ ኣብ መብዛሕትኡ ናይ ትምህርትን ክንክን ጥዕናን ሞያታት ይጥለብ። ሞያኻ ረኺብካ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ [www.vagentilljobben.se/valjyrke](www.vagentilljobben.se/valjyrke) ኣንብብ።

እቲ መርበብ ብዙሃን(ኢንተርነት) ኣድራሻ ብሽወደን እዩ፡ ግን ብዙሓት ካብቶም ፊልማት ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ክትርጉም ዝኽእል ናይ ጽሑፍ ጥማር ኣለዎ። ከምኡ ክትገብር ነቲ መመልከቲ “ጽሑፍ ኣብ ታሕቲ” (undertexter) ዝብል ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ናይ'ቲ ፊልም ብምጥዋቕ፡ “ብቕጽበት ተርጉም” ምረጽ ብድሕሪኡ ቋንቋ ብምምራጽ ትፍጽሞ። ነዚ ፊልም ብምርእዩ ፈትኖ:

[https://www.youtube.com/watch?v=baigQhEnthM](https://www.youtube.com/watch?v=baigQhEnthM)

እብ'ዚ መርበብ ብዙሃን(ኢንተርነት) ኣድራሻ እዚ ስራሕ ምድላይ ኣይከኣልን እዩ። እዚ ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ ኢኻ ትገብሮ። ተወሳኺ ኣብ [www.arbetsformedlingen.se](www.arbetsformedlingen.se) እንብብ።

ኣብ ሽወደን ምስራሕ ከመይ ምዃኑን ቋንቋ ስወደን ብኸመይ ክትመሃር ከምእትኽእልን ዝያዳ ክትፈልጥ ትደልይ እንድሕር ኮይንካ፡ ዝያዳ  ኣብ [www.informationsverige.se](www.informationsverige.se) ኣንብብ።

ንሕና ብድሕሪ እቲ መርበብ ብዙሃን ዘለና፣ ማሕበር ሰራሕተኛታት፡ ናይ ሽወደን ኮሙናትን ወረዳዊ ምምሕዳር (ኣስኮኣል)፡ እቶም ሸሞንተ ናይ ሞያ ማሕበራት፡ ማሕበር ኣካደምያውያን ኣስኣስኣር፡ ፊዝዮተርፒኛታት፡ ማሕበር መምሃራን፡ ሃገራዊ ማሕበር መምሃራን፡ ማሕበር ናይ ሽወደን ናይ ኮሙን ሰራሕተኛታት፡ ናይ ሽወደን ማሕበር ሓካይም፡ ቪዝዮን (ራእይ)፡ ማሕበር ክንክን ከምኡ'ውን እቲ ማሕበር ዘተ ኪዳን ኣካደምያውያን።